# ፕሮግራም ስንቂ

ብዛዕባ ኣመጋግባ ባህሊ ዓለምን ሽወደንን ክትመሃር’ዶትደሊ?
ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ምስወዳእካ፡ብቐጥታ ስራሕ ክትጅምር’ዶ ትደሊ?
ወጻኢ ኬድካ ክትምሃር ወይ ክትሰርሕ’ዶ ትደሊ?
ኣብ መጻኢ እዋን፡ ናትካ ትካል ክትከፍት’ዶ ትደሊ?
ንስራሕ ጽቡቕ ዕድል ዚኸፍት ትምህርቲ ኪህልወካ’ዶ ትደሊ?
እሞ ፕሮግራም ስንቂ ምናልባት ይሰማምዓካ ይኸውን።

ኣብ ፕሮግራም ስንቂ ብዛዕባ ኣቀራርባን ኣተሓሕዛን መግቢ ሰፍሕ ዝበለ ፍልጠት ትቐስም። ብፍላይ ግን በቲ ንስኻ ኣዚኻ ትግደሰሉ መዳይ እዚ ፕሮግራም’ዚ ማሕለፍያ ዝኾነ ስልጠና ተጥሪ። መግቢ ብኸመይ ንመዓልታዊ ናብራና ከም ዝሰርየ፡ ከነብዕል ከሎና ማዕረ ክንደይ ኣገዳሲ ምዃኑ፡ ክንደይ ዝዓይነቱ መግቢ ከም ዘሎ’ሞ ቁሩብ ሕስብ ኣብሎ! ጨንፈር ስንቂ ማዕረ ክንደይ ዓቢ ምዃኑን ማዕረ ክንደይ ዕድላት ከምዘለካን ሽው ኪርድኣካ’ዩ።

ኣብ ጨንፈር ስንቂ ሓያለ ሰብ-ትካል ይነጠፉ። ስለዚ ኣብ መጻኢ ትካል ክትከፍት በዓል-ድላይ ምስ ትኸውን ዚሕግዘካ ሰረታዊ ትምህርቲ ተቐስም።

ጨንፈር ስንቂ ዓለም-ለኻዊ’ዩ። ፍልጠት ቋንቋን፡ ሌላን፡ ርድኢትን ኣብ ካልኦት ባህልታትን ምስ ዝህልወካ ድማ ፕሮግራም ስንቂ ምስ ወዳእካ ወጻኢ ኬድካ ናይ ምስራሕን ወይ ምምሃርን ጽቡቕ ዕድል ይህልወካ።

## ትምህርቲ ምቕጻልዶ ይሓይሽ ወይ ስራሕ ምጅማር

ፕሮግራም ስንቂ እንተመሪጽካ፡ ላዕላይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርትኻ ዛዚምካ ብቐጥታ ስራሕ ክትጅምር ትኽእል ኢኻ። እንታይ ዓይነት ስራሕ ትረክብ ብዝወሰድካዮ ኣንፈት ትምህርትን ዓይነት ኮርሳትን ኢዩ ዝውሰን። ሓደሓደ እዋን ከም ተልመደን ኮንካ ንሓደ ወይ ክልተ ዓመታት ትሰርሕ። ናይ ተልመደን መሃያ እንዳተዋህበካ ድማ ምስ ኣብቲ ጨንፈር ዚሰርሑ ኮይንካ ካብኦም ትመሃር። እዚኣቶም ኣብቲ ጨንፈር ንነዊሕ እዋን ዚሰርሑን፡ ፍሉይ ፍልጠት ዘለዎምን’ዮም።

ድላይ እንተሎካ፡ ድሕሪ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ’ውን ክትቕጽል ትኽእል ኢኻ። ወይ ቀጻሊ ትምህርቲ ኣብ ኮለጅ ሞያ ወይ ከኣ ንዩኒቨርሲቲ ክትሓልፍ ትኽእል ኢኻ።

## ክትረኽቦ ትኽእል ዓይነት ስራሕ

ፕሮግራም ስንቂ ተማሂርካ ምስ ወዳእካ ከም ሰንካቲ፡ ሰራሕ-ሕብስቲ፡ ጎዛዪ (ጠባሕ-ስጋ)፡ ኮንካ ክትሰርሕ ትኽእል።

## ትሕዝቶ ፕሮግራም

ፕሮግራም ስንቂ ዝተፈላለዩ ኮርሳት ዘጠቓለለ እዩ። ገለገል ካብቶም ኮርሳት ኣብ ካልኣይ ደረጃ ንዝሳተፉ ተመሃሮ ግዴታውያን እዮም። ገለገለ ድማ ንፕሮግራም ስንቂ ጥራይ ዝምልከቱ እዮም። ሒደት ኮርሳት ድማ ብድላይካ ይምረጹ።

ኣብ ፕሮግራም ስንቂ ሃገር-ለኻውያን ኣንፈታት የለዉን። ኣብ ክንድኡ ግን ነፍሲ-ወከፍ ቤ/ትምህርቲ ናታ ኣንፈታት ፕሮግራም ከተውጽእ ዕድላት ኣለዋ። ከም ኣብነት ዚጥቀሱ ኣንፈት ሞያታት፡ ምስራሕ ሕብስቲ፡ ኣብያተ-ቑርሲ፡ ኣብያተ-ቡን፡ ድኳናት ስንቂ፡ መሸጣ-ስጋ፡ ፋብሪካ መግቢ።
ቦታ ቐይርካ ክትመሃራ ትደሊ ፍልይቲ ኣንፈት ትምህርቲ አላ’ዶ፧ እሞ፡ ነማኻሪ ትምህርትን ሙያን ተወኪስካ፡ እታ ንስኻ ትመርጻ ኣንፈት ኣብ (ሪክስኢንታግ) እትውቲ ምዃናን ዘይምዃናን ኣረጋግጽ። እትውቲ እንተኾይና ትመርጻ።

created using
BCL easyPDF
Printer Driver
Click here to purchase a license to remove this image

## ሌላ ምስ ሞያዊ ናብራ

ፕሮግራም ስንቂ እንተተመዲብካ ገና ኣብ ካልኣይ ደረጃ ከሎኻ ኢኻ ምስ ሞያዊ ዓለም ትላለ። እንተወሓደ ናይ 15 ሳምንታት ኣብ ኣብያተ-ስራሕ ዝተወዘዐ ስልጠና (ኣፑ) ኣሎካ። እዚ ስልጠና'ዚ እታ ቤትትምህርቲ ምስ ትካላትን ካልኦት ኣብያተ-ስራሕን ተሓባቢራ እተቕርቦ'ዩ። እዚ ርክብን ሌላን ኸኣ ድሒርካ ስራሕ ኣብ ትደልየሉ እዋን ደገፍ ይኾነካ። እዚ ስልጠና'ዚ ካብ ሸወደን ወጻኢ ኣብ ካልእ ሃገር ክትገብሮ እንተደሊኻ'ውን ኣኽእሎ ኣሎ።

## መጻኢ ግዜን ስራሕን

ኣብ ጨንፈር ስንቂ ብዙሕ ስራሕ ኣሎ። እዚ ኸኣ ነቶም ካልኣይ ደረጃ ወዲኦም ስራሕ ዘናድዩ ጽቡቕ'ዩ። ስራሕ ትረክብን ዘይትረክብን ብዝወሰድካዮ ኣንፈት ፕሮግራምን ዘለካ ግብራዊ ተሞኩሮን ከምኡ'ውን ዓዲ ቐዪርካ ወይ እንዳተመላለስካ ናይ ምስራሕ ዘለካ ቅሩብነትን ኢዩ ዚውሰን። ዝበዝሐ ስራሓት ኣብ ኣብያተ ቡንን መሸጣ-ስጋን ይርከብ።

created using
BCL easyPDF
Printer Driver
Click here to purchase a license to remove this image